# እቲ ምርጫ፡ ህግደፍዶ ወይስ ጸረ ህግደፍ እዩ!

**ክፋል ቁ.2.**

ወልደሰላሴ ዑ. ተስፋይ

16.10.2004

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑዚ ተግባራዊ መዐቀኒ መንነት ናይ ህግደፍ ዝገልጹ ገለ ነጥብታት ብምጥቃስ፥ ብኡ ደረጃ ድማ ህዝብና ኣብ ትሕቲ እዚ ጨፍላቒ ጉጅለዚ ተቖሪኑ ዘሕልፎ ዘሎ ስቓይን መከራን ተንኪፈ፡ ነይረ። (ተንኪፈዮ እምበር ብዕምቖት ገሊጸዮ ነይረ ክብል ኣይክእልን፥ ምኽንያቱ እቲ ዝሃብኩዎ መግለጺ ከም 1/100ታዊት ናይቲ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ስቓይ እውን በክምዘን ስለ ዘይክእል።) ከምኡውን ኣብቲ ሓድሽ ወለዶ ዘለኒ፥ ናይ ተስፋን ስክፍታን ሕውስዋስ ዝኾነ ትጽቢትን እምነትን ብኽፊል ኣብሪሀ ነይረ። እቲ ተስፋ ካብቲ ኣብ ባህርያዊ ሕብረተ-ሰብኣዊ ግዴታ ናይ ሓድሽ ወለዶ ዘለኒ ተረድኦን ትጽቢትን ዝነቐለ ኸሎውን ከሎ፥ እቲ ስክፍታ ድማ ካብቲ ኣብቲ ጨፍላቒ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ኣርትራ ሒዝዎ ዘሎ ዘይሃገራውን ዘይህዝባዊን፡ ጸረ ሰላም ዝኾነ ፖሊሲ ዝምንጩ እዩ። ብሕቶታት ኣንጠልጢለ ስለ ዝገደፍኩኹም ድማ፡ ቀጺለ ኣብ ዘቐርቦ ጽሑፍ/ጽሑፋት ገለ መልሲ ንምንዳይ ዝሕግዝ ኮይኑ ዝስምዓኒ ርእይቶ ክህብ ክፍትን እየ።

እቲ ሎሚውን ብቐጻሊ ኣብዚ ገና ደጊመ ክርእዮ ዝደሊ ግን ነቲ "ተራ ኣርትራዊ መንእሰይ ኣብዚ ንህዝባውን ሃገራውን ድሕነት ከም ማእከል ናይ ዕላምኡ ብምውሳድ፡ ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ክሳብ ክንደይ ይረጋገጽ ኣሎ?" ዝብል እዩ። ምኽንያቱ መንእሰይ ወለዶ ብባህርያዊ ቦታኡ ተቐባልን ቀጻልን ሕብረተሰብኣዊ ሓላፊነት (ንሱ) ስለ ዝኾነ። ተቓወምቲ ውድባት ናይዚ ንህዝብና ከም ሕማም ፈራ ዘህልቕ ዘሎ ህግደፋዊ ሕማም መድሃኒት ንምርካብ፥ ሓንሳብ እናተመሓዘዋ፥ ሓንሳብ እናተገራፈጣ፡ ብዙሕ ክፍትናን ክፋታተናን ክንዕዘብ ጸኒሕና ኢና። ገናውን ይቕጽልኦ ኣለዋ። እንተኾነ እዘን ተቓዉምቲ ውድባት እዚኣተን ኣብዚ ሓደ ሽግር ኣሎወን። ንሱ ድማ "መርዓዊ ዘይሓዛስ ዓርኪ ሓዛ" ከም ዝብሃል" ሃገር ዘይሓዛስ ያኢ ስልጣን ክትሓዘለይ፥ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ቀዳማይ ቦታ ብምትሓዝ፡ ኣብ ክንዲ ተኣማሚነንን፡ ኢድ-ንኢድ ተታሓሒዘንን ንቕድሚት ዝጥምታ፥ ብድሕሪትን ብጎንን ኮይነን ክጎጣጠያን፡ ክገዳድዓን ክጠላለማን ምርኣይ ዘተሓሳስብ ጥራሕ ዘይኮነስ ዘሕዝን እዩውን። ክሳብ ውን ገሊኣን ውድባት ኣብ ዋጋ ካልኦት ዉድባት፡ ንጠቕሚ ጸቢብ ውድባዊ ረብሓታተን ክሰርሓ ተርእየን እየን። ኣብዚ ክንግንዘቦ ዝግባእ ግን፡ ብሽምዚ ዝረብሕ ህዝብስ ይትረፍ፥ ብሽምዚ እትረብሕ ውልቀ ውድብዉን ኣይክትህሉን እያ፥ ዋላ እተን ንግዝያዊ ረብሓ ክብላ ንህዝቢ ኣርትራ ኣብ <u>መሁም</u> ናይ ኣደዳ <u>ጥርጣረን ጽልግልግን</u> ዘእትዉኦ ዘለዋ ውድባት እንተኾናውን፥ እቲ ጥርጣረ ኣብ ልዕሊኣን ስለ ዝወርድ፡ ንድሕነተን ይሰርሓ ከምዘየለዋ ክርድኣ ይግባእ። ከመይሲ፡ ከይዱ ከይዱ ናይቲ ጉዳይ በዓል-ቤት ወይ ዋና ህዝቢ ኣርትራ ስለ ዝኾነ፥ እሞ ብህዝቢ ኣርትራ ዘይትእመን ውድብ ማለት ድማ፥ ንርእሳ ንሞት ዝፈረደት ውድብ ምኻና ክትግንዘብ ይግባእ። ካብኡ ሓሊፉ፡ "ወጮ ኣንተገልበጥካዮ ወጮ" ከም ዝበሃል ውን፥ ህዝቢ ኣርትራ ንህግደፍ ኣልጊሱ፡ መልክዑ ዝቐየረ፡ ብትሕዝቶኡ ግን ህግደፍ ቁ.2 ዝኾነ ስልጣን ኣብ ኣርትራ ክተክል ኣይደልን እዩ።

እምበኣር ናብ መበገስየይ ክምለስ፥ ነዛ "ህግደፍዶ <u>ወይስ ጸረ ህግደፍ</u> እትብል ሕቶ፡ ናብ <u>"ንድሕነት ሃገርዶ ወይስ ንጥፍኣት ሃገር"</u> ዝብል ተረድኦ ኣማዕቢልካ ምርኣያ ከድሊ እዩ። ከምዚ ዘብለኒ ዘሎ ምኽንያት ድማ፡ ጸረ ህግደፍ ክብል ከለኹ፥ ህግደፍ ከም ሽማ ዘኮነስ ህግደፍ ብተግባራታ ስለ ዝዕቅና እየ። ብተግባራታ ድማ ህግደፍ ንጥፍኣት ሃገርናን ንብትታን ህዝባናን፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ንህልቀት ህዝብናን ኣንጊሃ ዝገስገሰት ጉጅለ እያ። እዚ ድማ ኣብቲ ከሊላ ሒዛ ትረግጾ ዘላ ኣብ ትሕቲኣ ዝርከብ ህዝብና ጥራሕ ከይተወሰነ፡ ሎሚ ነቲ ኣብ ስደት ዘሎ ህዝብና ከይተረፈ፡ ከተንጸባርቖ ትርከብ። ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገር ከይጥርነፍን፡ ብሃገራውነቱ ከይራኸብን፡ ሓቢሩ ጉዳይ ሃገሩ ከይዝትን ድማ፡ ጉ/ህግደፍ ነቶም እትመልኮምን እትቆጻጸሮምን ሰዓብታ፡ ምስ ዘይኣባሎም ሰላም ከይብሃሉ፥ ኣብ ደስታ ኮነ ኣብ ሓዘን ከይሕወሱን ከይሕውሱን ዝብል ልሙድ መምርሒኣ ከተዋፍር ትርከብ። እዚ ድማ ብቐጥታ ካብ "ማሕበር ኣንድነት" ዝወረሰቶ ሚላን ኣገባብን ምኻኑ ብሩህ እዩ።

እሞ ሎሚ ንሕና ከም ኤርትራውያን መጠን፡ ኣብ ቀራና መንገዲ ኢና በጺሕና ዘለና። ”ዓሻስ እናሰሓቐ ይጠፍእ” ከይኾነ ድማ፡ ቅልጡፍ ክንሓስበን፡ ካብ ሕሉፍ ክንምሃርን መጠንቀቕታ ይመጽና ኣሎ። ኣሎ። ንድሕነት ህዝብናን ሃገርናን ዘገልግል ምርጫ ኣብ ግዜኡ ወሲድና፡ ንኽሕይል ዝግብኦ ዕላማ/መስርሕ ብምሕያል፡ ንኽዳኸም ዝግብኦ ኣተሓሳስባታትን መስርሕን ብምድኻም ክንሰርሕ፡ ንጽባሕ ዘኮነስ፡ ንሎሚ ብህዝብና ንጽዋዕ /ንሕተት ኣለና። እንተዘይኮነ፥ ንርኢ ኣለና፡ ብሰንኪ ጠባያት ናይዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሃዋኺ ጉጅለዚ፡ ፍትሒ ዓለም ከይተረፈ ተነፊግና ይርአ ኣሎ። ብቤት ፍርዲ ናይ ዓለም ዝተበየነ ብይን/ፍርዲ፥ የርብሓና ኣየርብሓና ንኽንመዝን መሰል ከረኽብና ከለና፥ ከይተበገሰ ተግባርነቱ ተነፊጉና ይጉዓዝ ኣሎ። ብኣርብዓታት ክግበር ዝተነፍገና ናይ መሰልና ምክልኻል ዕድል፥ ሎሚ እታ ብቓልስና ዘረጋገጽናያ ሃገር ዶባታ ንኽትፈልጥ፡ ኣብ ትሕቲ ሕቡራት መንግስታት ገና ፍርዲ ክትጽበ ጠልጠል ኢላ ትርከብ ኣላ። ዓቢ ግማዕ ናይ መሬትናውን ገና ሃለዋቱ ኣይተረጋገጸን ዘሎ። ኣበይ ክዓልብ ምኻኑውን ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻርን ኣፍልጦን ናይቲ ዋና ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ የለን። ጉጅለ ህግደፍ እንተኾነ ባልጃኡ ጥርኑፍ እዩ። መነባብሮኡ ሰሩዕን ውጉንን እዩ። መንገዱውን ምድሙድ እዩ። ብድኽመትና ዝልገሰሉ ዘሎ፡ ዕድል ተጠቂሙ ኣብ ስማጣን ክሳብ ዘሎ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ክድህኮ እዩ። ህልዉናኡ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝሰግኣላ ሰዓት ድማ፡ ነታ <u>ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆላ</u> እናበለ ዘማስና ዘሎ ሃገር፡ ተረፍመረፍ እንተሎዋ ለኪሙ ዕርብ ክብል እዩ። እዚ ብመሰረቱ ባህርያትን ጠባያትን ናይ ኩሎም ዕምሮም ዝኣኸለ ዲክታቶራውያን መራሕቲ ዓለም ብሓፈሻ፥ ናይ ዲክታቶራውያን መራሕቲ ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ እዩ። ናይ ቀረባ ኣብነት፥ መንግስቱ ሃ.ማ. ኣብ ኢትዮጵያ ንዝክር።

ስለዚ ኣምበኣር እቲ ኣብቲ ቀራና መንገዲ ኮንካ ዝርአ ምርጫ ካብ ክልተ ሓደ እዩ።

1. ኩሉ ብሃገርን ህዝብን ኤርትራ ዝመዝን ኣተሓሳስባ ዘውንን ኤርትራዊ፡ ንኹሉ ሃገራዊ ዕላማ ዘይሓዘለ ንኡሳን ፍልልያቱ ካልኣይ ቦታ ብምትሓዝ፡ መጀመርያ ሃገርን ህዝብን ንምድሓን ዝኽፈል ከፊሉ፡ ብቕንዕናን ብግልጽናን ናብ ምጥርናፍ ምግስጋስ። እዚ ድማ፡ ካብቲ ኣብ ሕሉፍ ግዜ መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ፡ ንጸቢብ ውድባዊ ደኹን ጉጅላዊ ረብሓኦም ክብሉ፡ ዝፈጠርዎ ጸቢብ ውድባዊ ብድዐ/”ሽበንያ” ሓራ ብምውጻእ፥ ብሃገራውን ህዝባውን መነጸር ክትርእን፡ ብኡ ደረጃ ድማ ክትሰርሕን ምስ እትበቅዕ ጥራሕ ዝረጋገጽ ምርጫ እዩ። እዚ ምርጫዚ ክዕወት ድማ፡

ሀ. እተን ነቲ ቅድመ ግንባር ናይ ተቓውሞ ሒዘን፡ ንህዝቢ ናይ ምልዕዓልን ምጥርናፍን ሓላፍነት ሒዘን፡ ነዚ መጻይ ደም ህዝቢ ዝኾነ ስርዓት ብምልጋስ፡ ንምሉእ ህዝባ እትሓቁፍ ፍትሓዊትን ዲሞክራስያዊትን ሃገር ኣብ ምርግጋጽ ዝሰርሓ ዘለዋ ውድባት፥ ኣብ ተግባራዊ ኣሰራርሐአንን ኣብ ኣሳታፍነትን፡ ንትጽቢት ህዝቢ ከለልያን ንትርግታ ልቢ ናይ ህዝቢ ከንብባን፡ ብኡ ክምእዘዛን ብተግባር ክበቕዓ የድሊ።

ለ. ”ኩሉ እቲ ”ብኣፉ ኣነ፡ ተቓዋማይ ስርዓት ህግደፍ እየ” እናበለ፡ ብተግባር ግን ተዓዛባይን ፈራዳይን ኮይኑ ዘሎ ኣካል ህዝቢ ኤርትራ ብጠቕላላ፡ እቲ ኣብ ቅድመ ግንባር ቦታ ሒዙ ናይ ምቅላስ ግቡእ ኮነ መሰል ዘለዎ፡ መንእሰይ ወዲ ሃገር ድማ ብፍላይ ድማ ውዕ ዉዕን ተግባራውን ተሳትፎኡ ኣብ ደንበ ተቓዉሞ ከረጋግጽ” ይሕተት።

<u>ሓደ ሰብ ነየናይ ውድብ ይድግፍ፥ ናይ ነፍሲ-ወከስ ውልቀ ሰብ ምርጫ ኮይኑ፥ ብገንዘብ ደኹን ብጉልበት ንተግባራዊ ግዴታኻ ኣብ ደንበ ተቓዉሞ ናይ ምስታፍ ግን ሃገራውን ህዝባውን ሓላፍነት ከም ኡውን ግዴታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ብድሕነት ሃገሩ ዝግደስ ኤርትራዊ ምኻኑ ምግንዛብ የድሊ።</u>

2. እቲ ካልኣይ ምርጫ ድማ፡ ኣብ ዋጋ ራህዋን ድሕነትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስቲ ንሃገርን ህዝብን ኤርትራ ዘጽንት ዘሎ ጉጅለ ህግደፍ ደው ምባል እዩ። እዚ ድማ ብተግባራቱ ናይ ከሓድቲ ቦታ እዩ። ምኽንያቱ ንሕድሪ ስዉኣትን ንትጽቢት ህዝብን ስለ ዝኸሓደ። ኣብዚ መሪጽኩ ደው ንዝበለ ድማ ካብ ምምሃሩን ምምካቱን ሓሊፍካ ካልእ ዝግበር የለን። እንተ ኾነ ኣብ መንጎ እዚ ምርጫታትዚ፡ 3ይ ቦታ ፈጢርካ፡ ደው ምባል ግን እቲ ዝኸፍአ ቦታ ምሓዝ ካብ ምኻን ሓሊፉ በካልእ መዐቀኒ የብሉን። ብቦታ በለጽ እዩ ድማ ዝፍለጥ።

ናይ ሎሚ ቃልስና ኣትይዎ ዘሎ መድረኽ፡ ገጻት ናይ ሰባት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣተሓሳስባ ናይ ሰባት፡ ብኡ ደረጃ ድማ፡ ፖለቲካዊ ቃንቃታትን ውድባዊ ኣሰራርሓን ክቕየር ከም ዘድሊ ዝሓትት መድረኽ እዩ። ልክዕዩ፥ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ዘለዋ ውድባት ኩለን ግጉያት

እየን፡ ወይውን ኩለን ቅኑዓት እየን፡ ክንብል ግጉይ እዩ። ክኾና እውን ኣይክእላን እየን። ኩለን ውድባት ነናተን ድኽመታት፡ ከምኡውን ነናተን ብቕዓታት ኣለወን። ኩለን ናብ ሓደ ውድብ ተጠርኒፈን ክሰርሓ፡ ኢልካ ምጽባይ ውን ውድዕነት ዘንበበ ሚዛን ዝጠልቦ ጠለብ ኣይኮነን፥ ንርእሰን እተን ዘለዋና ውድባት መደባተን ኮነ ኣቆዋዉምአን ንምሎእ ምትሕንፋጽ ኣይፈቕድለንን እዩ። እቲ ግዙፍ ዕድል ክጥቀማሉ ዘለወን ኮነ ዝግብአን ግና፡ ንዘራኽበን መድረኻዊ ነጥብታት ቀዳማይ ሚዛን ብምሃብ፥ ብምትሕብባር ክሰርሓ ምስ ዝኽእላ እሞ፡ ነቲ ቀዳማይ ዕማም፥ ንህዝቢ ካብ ህግደፋዊ መዓት ምግልጋል"፥ ንምርግጋጽ፡ ሓያል ግንባር ፈጢረን ክሰርሓ ምስ ዝበቕዓ እዩ። እዚ ግን ንዕአን ጥራሕ ዝግደፍ ዕማም ኣይኮነን። ንመን ሒዘን? ብመን ተደጊፈን? ብመን ተደፋፊአን? ብመን ተገዲደንከ? ዝኣምሰሉ ሕቶታት ውን ክምለሱ ከድሊ እዩ። ነቶም ብቐጻሊ እናተቐያየሩ ዝመጹ ስርዓታት መግዛእቲ ተረባሪባና ክንስዕሮም ዝበቓዕናኮ፡ ብረት ዝሓዘ ልዕሊ ጸላኢ ዝምዘን ሰራዊት ስለ ዝወነንና ኣይነበረን፡ እንታይ ድኣ፡ ብማዕሬኡ ዝምዘን ተባዕ ተሳታፍነትን ደገፍን ናይ ህዝብና ከም ሓያል ሕቆ ስለ ዝወነና ኢና። እምበኣርከስ፥ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ኣብ "ለ" ዝተጠቕሰ፥ ሎሚውን ከም ትማሊ፥ ህዝቢ ጠቕምታቱ ብምልላይ፡ ነቲ ንድሕነቱን፡ ንሓያልነቱን ንሓድነቱን ዘረጋግጸሉ መትከላት ዝውንን ወይ ዝውንኑ ሓይሊ/ሓይልታት ብምሕያል፥ ክቃለስን እጃሙ ከበርክትን ሓላፍነቱ ከልዕል የድሊ ኣሎ። ናይቲ ኣንጻር ጉጅለ ህግደፍ ምርጫ ዝወሰደ፥ ኣብዚ እዋንዚ ብብዝሑ ልዕሊ 95% ዝኾነ ህዝብና፡ ተባዕ ተሳታፍነት ኣብ ደንበ ተቓዉሞ ምስ ዘረጋግጽ ድማ፡

1. በቲ ሓደ ወገን ነተን ንህዝቢ ናብ ዘየድሊ ናይ ምፍንጫልን ድሕረትን መስርሕ እናእተዋ፡ ነቲ ደንበ ተቓውሞ ዝርምስኦ ዘለዋ ሓይላታት፡ ዕድል ኣይምሃበንን፥
2. በቲ ካልኣይ ወገን፥ ሰፊሕን ተግባራውን ተሳታፍነት ናይዚ ህዝቢዚ ኣብ ደንብ ተቓዉሞ ማለት ድማ ኣብ ምሕጻር ዕድመ-ስልጣን ናይ ህግደፍ ወሳኒ ግደ ምጽዋት ማለት እዩ።።

እዚ ጉዳይዚ ንምሉእ ህዝቢ ኣርትራ ዝምልከት ኮይኑ፥ ብፍላይ ድማ ነቲ ንናይ ህግደፍ መጻወድያ በንጢሱ ዝመጸ ይኹን፡ ኣብ ደገ ዝጸንሐ መንእሰይ ወዲ ሃገር፡ ብዝለዓለ ደረጃ ሓላፍነት ዘሰክም እዩ።

ንሰምዕ ኣለና ገና፥ ህግደፍ ነቲ ጠንጢንዋ፡ ምድረበዳን ባሕርን ጥሒሱ ኣብ ቦታ ስደት ዝኣተወ መንእሰይ ኣርትራ ከይተረፈ፡ ደድሕሬኡ ብምምጻእ፡ ኣብ ዘለዎ ሃገር ኣፉ ክትለግሞ ትጽዕር ኣላ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ወኪል ህግደፍ ኣብ ኖርወይ መጺእሉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ንወከልቱ፡ "ነዞም ሓደስቲ ኣይተሰንብድዎም፡ እካድኣ ኣቕርብዎም፡ ተሓባበርዎም፡ ኣይተርሕቅዎም" ዝብል ርኹስ መታለሊ መምርሒ ሂቡ ከይዱ። ብኡ መሰረት እውን ኣብቲ ቦታ ዝርከቡ ወከልቲ ህግደፍ "ክንተሓባበረኩም ንኽእል ኢና፥ መንግስቲ ምሕረት ሂቡኩም እዩ፡" እናበሉ፡ ንብዓት ሓርገጽ እናንብዑ ኅስጋስ ይገብሩ ኣለዉ። ክሳብውን ነቲ ዘጋጥሞም ዘሎ፥በታ ዕቑባ ዝሓተቱላ ሃገር ናይ ዘይምቕባል ሽግር ብምምዝማዝ፡ ብሽብዶም ክቕሽሽዎም ይፍትኑ ኣለዉ። ዕላማኡ ድማ፡ ነቲ ጉዶም ብቐረባ ዝፈልጥን፡ ክምክቶም ዝኽእልን ሓይሊ ኣፉ ከትሕዝዎ፡ እሞ፥ ንዓቕሙን ኣፍልጦኡን ኣምኪኖም፡ ንተቓዉምቲ ሓይልታት ከም መተካእታ ኘኽይቅበል ንምድስካሉ እዩ። እንተኾይንሎም ድማ፡ ሃዲሙ ብምምጽኡ ብመንግስቶም ከም ወንጀለይና ከም ዘይርአ፡ ብምምሳል፡ ተኣማንነት ከሕድር እሞ፡ ኣብ ወጻኢ ኮይኑ ከገልግሎም ዝዓለመ መደብ እዩ። እቲ ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ግን፡ ብዉሽጢ ውሽጢ ምስቲ እቶም ስደተይናታት ዑቕባ ዝሓተተሉ መንግስታት እናተራኸቡ መርፍእ ክነዝሕሉ ይሓድሩ ከም ዘለዉ እዩ። ነዚ መረጋገጺ ዝኾናና ድማ፡ ምስ ቃዛፊ ብምምኻር፡ ህግደፍ ነቶም ገዲፎማ ዝኸዱ መእሰያት ኣብ ምጻወድያኣ ከእትው ዝፈተነቶ ፍሹል፡ ዉዲት ንዘክር። ብምቕጻል፡ ህግደፍ ነቶም "ካብ ናብ ኀዳጉቲ ህግደፍ ንኣቱ ኣብ ኣየር ሞት" ኢሎም ተጻዒኖማ ንዝነበሩ ነፉሪት ብምግዳድ ናብ ሱዳን ዝወረዱ ሃገራውያንውን ብግብረ-ሽበራዉያንን ከዳዓትን ብምዉንጃል፡ ንመንግስቲ ሱዳን ከተረክባ፡ ሕፍር ከይበለት ክትሓትት ተራእያ እያ። እዚ ድዩ እቲ "ዝላመመጥሉ" ዘልዉ ምትሕብባር። "ዝብእስ ኣብ ዘይፈልጥዎ ዓዲ ከይዱ ቆርበት ኣንጽፉለይ በለ"። እዚ ኩሉ ዝሕብሮ ድማ፥ ጉ/ህግደፍ ኣብ ዝተፈላለየ ባይታ ሕብራ ከም ነፋሒቶ እናቐየረት፥ ዕድሜኣ ኣብ ስልጣን ዘናውሑላ ውዲታት ኣብ ምፍሓስ ተቆሪና፡ ድቃስ ዘይብላ ትሓድር ከም ዘላ እዩ። እዚ ኩሉ ድማ ኣብ ዋጋ ቅሳነትን፡ ሰብኣዊ መሰልን ፍትሕን ናይ ህዝቢ ኣርትራ እዩ።

ኩቡር/ቲ ሓዉ፥/ቲ፥ ብፍላይ ነቲ ጨፍላቒ ኣርዑት ህግደፍ ፈንጢስካ ብምዉጻእ፥ ድሕሪ ክንደይ መከራ ኣብ ቦታ ስደት እትርከብ መንእሰይ ኣርትራ፥ እምበኣርከስ፡ ”ነታ ህይወትካን ህይወት ህዝብኻን ንምድሓን፡ ብጥይት እናተሃደንካ፡ ጠንጢንካያ ዝመጻእካ ህግደፍዶ ብስቕካ ኮነ ብተግባካ፡ ምግልጋል ወይስ ጸረ ህግደፍ ደው ኢልካ ብተግባር ምምካት? እዩ ዝብል እቲ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ምርጫ። ኩመይሲ ባዕልኻ ናይ ዓይኒ ምስክር ኢኻ፥ ሃገርና ኣርትራ ሎሚ ሓድሽ ወሎዶኣ ትጸንት ኣላ፡ ተመሃራይ ከይመሃር ጊላ ሰበ-ስልጣን ህግደፍ ኮይኑ ተሪፉ። መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ኣሓትና፡ ኣብ ክንዲ ዝወልዳን ዝዝምዳን፡ ባራዩ፡ ናይ መኮነናት ህግደፍ ኮይነን፡ ከም ባምቡላ መዘናግዒ ኮይነን፥ ኣደዳ ሕማምን ጭንቀትን ኮይነን ይሳቐያ ኣለዋ። ሓረስታይ ከይሓርስ፡ ነጋዳይ ከይነግድ፡ ህግደፍ ንርእሶም ገባቶ-ነጋዶ ኮይኖም ጸረ ተራ ህዝቢ ይምክቱ ኣለዉ። ብጠቕላላ ድማ ጉጅለ ህግደፍ ንሃገርና ጥዑይ ሕብረተ-ሰብ ክህነጻ ዘይትኽል፡ ናይ ድኻታት ድኻ፥ ናይ ድሑራት ድሕርቲ፥ ናይ ሕሙማት ሕምምቲ፥ ናይ ንጹላት ንጽልቲ፡ ገይራ፡ ትድህካ ኣላ። ነዚ ክትዝክር ከለኻ ድማ ሃገርና ሎሚ ናብ ዓ ባይ ናይ ምሉእ ህዝባ ቤት-ማእሰርቲ ከም እተቐየረት ኢኻ ትርዳእ። ሎሚ ምሕማይ ምትሕማምይ ተሪፉ፡ ኩልኻ ኣብ እትተሓተተሉ ቦታ ኮንካ ምቅላስ፥ እንተዘይ ደንጉዩ፡ ግዝኡ ኣኺሉ እዩ። ምኽንያቱ፡ ካብ ውሽጢ ይኹን ካብ ደገ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርና፡ ኣንጠልጢሉ ዘሎ መዓት ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን።

ገለ ገለ ኣሰካፊ ዝኾነ ሚዛን ካብ ብዙሓት መንእሰያት ይስማዕ እዩ። ንሱ ድማ ንተቓዉምቲ ውድባት ናብ ምንኣስ ዘድሃበ እዩ። ጉዳይ ተቓወንቲ ውድባት ኣብ ላዕሊ ተንኪፈዮ ነይረ። ምንቃፍ ኣይምተጸልኣን። ናይ ሃናጽነት ጠባይ ስለ ዝውንን። ንተቓዋማይ ሓይሊ ምንኣስ ግን ኣብ ተግባራዊ ቦታ ናይ ህግደፍ ስለ ዘንብረካ፡ ተመራጺ መርገጽ ኣይኮነን። ገለ ሰባት ”ተቓወምቲ ውድባት በዚሐን፡ ንመነን ትኣምን? ክብሉ ከለዉ ገለ ድማ ”.እዘን ተቓዉምቲ ውድባት ኣይረብሓን እየን” ይብሉ። ናይቶም ቀዳሞት ቅቡል እዩ፡ ኻኹንነት ስለ ዝገልጽን፡ ብኡ ደረጃ ዝፍጠር ድንግርግር ይርአ ስለ ዘሎን። ኣበሃህላ ናይቶም፡ ኣናኣስቲ ግን፡ ሚዛኖም ንስምዒት ናይ ተቓውሞ ቃልሲ ብጠቕላላ ዘናእስ ህግደፋዊ ጠባይ ስለ ዝሓቖፈ፡ ብመሰረቱ ግናይ መዐቀኒ እዩ።

ልክዕ እዩ ኣብ ኣርትራ ሎሚ ውድባት በዚሐን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እተን ብዙሓት ውን ገና ይባዝሓ ኣለዋ። ኣብ ዝሓልፈ እዋናት ርኢና፡ ውድባት ከይተዉልዳ ክፋናጨላን ክጋራፈጣን። ንኣ. ዲፒ፥ ኣርትራዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ንለዉጢ፡ ወዘተ። ሎሚ ጉዳይ ውድባት ኣርትራ ኣስማተን ንምጽናዕ ንርእሱ ዓቢ ስራሕ ኮይንና ኣሎ። ሎሚ ኣብ ኣርትራ ናይ ውድባት ጣሻ ተፈጢሩ ኣሎ እንተብልና፡ ካብ ሓቂ ዝወጸእና ኣይመስለንን። ብወገነይ እዚ ትርጉም ኣልቦ ምኻኑ እየ ዝኣምን። እቲ ኣሎ ዝብሃል ፖቃቲካዊ ፍልስፍና ኣብ ዓለም፡ (ሎሚካ ተረሲዑ እዩ እምበር) ናይ የማንን ጸጋምንን/ማለት ብግስግስናን ምድሕርሓርን ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ምዕራባዉያን ድማ ማእከል ናይዚ ዝሓዘ ፖሊሲ ንኽተል ናይ ዝብላ ፓርትታት 3ይ ቦታ ክሕዛ ንርኢ። ኣብ ገለ ድማ ኣብ ውሽጢ እቲ የማን ኮነ ኣብ ውሽጢ እቲ ብጸጋም ዝፍለጥ፡ ናይ ኣጀንታታት ፍልልይ ዝፈጠሮ፡ ብሑሉፋት ዝግለጸ፡ ፍሉይ ክልሰ-ሓሳባዉዊ መዐቀኒ ዘይብለን ፓርትታትውን ይርኣያ እየን። እዚ ድማ ነቲ ብዝሒ ናይ ፓርትታት ናብ 6-7 የብጽሖ። ከይደን ከይደን ግን ኣብቲ ክልተ ደንበ፥ ማለት ብጸጋም ወይ ብየማን ዝልለ ደንበታት፡ እየን ዝውገና። ኣብ ስልጣን ኣብ ዝወዳደራሉ እዋን ውን ብኡ ደርጃ፡ መምስ ዝቐርበን ተመሓዝየን ናብ ስልጣን ይወዳደራ። እቲ ናይዜኣን ጽቡቕ ግን ብመትከል ዲሞክራሲ ስለ ዝግዝኣ፡ ብኡ ድማ ህዝባዊ ፍርደን ይቕበላ። ንዝውሃበን ህዝባዊ ፍርዲ ድማ ይምእዘዝኦ።

ኣብ ጉዳይና ተመሊስና ምስ እንዕዘብ ድማ፡ ንርእሰን እተን ዝተፈላለየ ኣስማት ሒዘን ንህዝቢ ኣርትራ ናብ ስድራቤታዊ ደረጃ ዝዓይነቱ ጉጅጅል ዝኸፋፍልኦ ዘለዋ ውድባት፡ መብዛሕትአን፡ ንፖለቲካዊ መንነተን መለለዩ ክጠቀመሉ ዝኽእል ፖለቲካዊ መድብ ዕዮ ናብ ህዝቢ ዘየውረዳ እየን። ማለት ብኣዋጃት ጥራሕ ውድብ ዝፈጠራ እየን። ንብዝሐን ዝኣክል ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልስፍናውን ዘሎ ኣይመስለንን። ንፍልልየን ብኣጀንዳታት ክገልጽኦ እንተዝኽእላዉን ጽቡቕ ነይሩ። ግን ኣብዚዉን የለዋን። ነዚ መረጋገጺ ዝኾነና ድማ፡ ኣብዚ ሓጺር ግዜ ኣብ ዲፕን ሰውራዊ ባይቶን ዝተራእየ ምፍንጫል እዩ። እዚ ምፍንጫልዚ ”ንግሉጽነት” ዝብል (ኣብ ቅድሚ ኩንታት ሃገርናን ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ስቓይን ክርአ ከሎ

ፍጹም ፖለቲካዉዊ መዐቀኒ ዘይብሉ ኣምር) ከም ዓቢ ናይ ፍልስፍናዊ ፍልልይ ወሲዱም ከም እተፈንጨሉ የብርሁ። እዚ ድማ ናበይ ገጽና ኸይድ ከም ዘለና ብጣዕሚ የተሓሳስብ። ብዝተረፈ ነቲ ብዙሕ እተዘርበሉ፡ ገናውን ክሳብ ሕጂ ከም ተመሓላላፊ ሕማም ኮይኑ ዝሳቕየና ዘሎ፥ በዛ ሕጂ ንህዝብና ትሳቒ ዘላ ጉጅለ ህግደፍ፡ ኣብ 70ታት ኣብ ሰውራ ኣርትራ ከም ቦኽሪ ምፍንጫል ኮይኑ ዘግሃደ ተግባር ቅኑዕ ነይሩ ምባሉ ምማዕረገ ነይሩ። እቲ ዝይዳ ዘገርም ድማ፡ እዞም ሕጂ ናይ ምፍንጫል ሃንደሳ ዝመርሑ እቶም ሽዑ ንምፍንጫል ብትሪ ዝኾነኑ ምኻኖም እዩ።

እቲ ሕጂ ኣብዚ ዓቢ ክብደትን ቦታን ሂበ ክገልጾ ደልየ ዘለኹ እምበኣር፥ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ግደ ህዝቢ ብዓቢኡ፡ ግደ መንእሰይ ድማ ብፍላይ ወሳኒ ቦታ ከም ዘለዎ ንምብራህ እዩ። <u>ውድባት በዚሐን ንመነን ትኣምን?”</u> ብስብል ምኽኒት ካብ ተግባራዊ ቃልሲ ምብካር፡፡ ረብሓኡ ናብ ህግደፍ እዩ ዝውዕል። ምኽንያቱ ፖሊሲ ናይ ህግደፍ፡ ”ደጉፉና፥ ኣይኮነን ኣፍኩም ሕዙልና፡ ደስክሉ፡ ድሌትና ካብ ምግባር ኣየተዐንቂፉና ክንዕድር ግደፉና” ኣዩ ሕመረቱ። እዚ ብፍላይ ኣብ ወጺኢ ንዘሎ ኣርትራዊ ዝምልከት እዩ። እሞ ኣየናይ ኣዩ እቲ ምርጫ? ብዝተረፈ ንብዝሒ ውድባት ኮነ ንድኽመታት ውድባት፡ ከም መኸወሊ ተጠቒምካ፥ ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ፡ ኣብ ኣገልግሎት ጉ/ህግደፍ ዝውዕል ቦታ ምሓዝ፡ ከም መንእሰይ መጠን ነቲ ኣብ ሃገርካን ህዝብኻን ዘለካ ባህርያዊ ሓላፍነት ብቐኑዕ ኣይገልጾን አዩ። ነቲ ካብ ጉ/ ህግደፍ መህደሚኻ ዝኾነ ምኽንያትውን ኣይውክሎን እዩ። ብኣንጻሩ ግን ነቲ ”ሃገር ዝኸሓዱዶ፡ ኮብለልቲዶ” ዝብል ብጉ/ህግደፍ ዝቐርበካ ክሲ ”ንሓቅነቱ” የሰንዮ። ነዚ ዘበለኒ ድማ፡ ዋላዉን ብዝምድናዊ ኣረኣእያ ይኹን፥ ንፍጹምነት ከይተጸበና፡ ኣየናይ ውድብ/ውድባት እዩ ነዚ ዘለናዮ መድረኽ ንምግጣም ኮነ፥ ካብኡ ሰጊሩዉን ነቲ ደድሕሬኡ ዝመጽእ ጉዕዞ ንሃገረ ኣርትራ ከድሕን ዝኽእል መትከል ዝውንን? ወይውን ኣየናይ መስርሕ እዩ ነዚ ዘለናዮ መድረኽ ሰጊሩ፡ ንህዝቢ ኣርትራ ናብ ዘላቒ ሓድነትን ሰላምን ኣእትዩ፡ መንገዲ ዕቤት ከተሕዝ ዝቃለስ ዘሎ? ወዘተ ዝብል መዐቀኒ ብምልዓል፥ መትከላት ናይ ውድባት ምፍታሽ፥ ካብኡ ተበጊስካ ድማ፡ ምስ መን ኮንካ ሃገራዊ ሓላፍነትካ ትጻወት ምዉሳን ኣሸጋሪ ኣይመስለንን። ኣብ መበገሲ ንዘይተራእየካ እውን፡ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ንኽበርሃልካ ክትቃለስ ሓላፍነትካን ግኢታኻን ገርካ ምውሳድ ከድሊ እዩ።

ስለዚ ኣብ መደምደምታ ክብሎ ዝደሊ እምበኣር፥ ኣብዚ እዋንዚ ዝኾነ መንእሰይ ወዲ ሃገር ነቓፊ ጥራሕ ኮይኑ፡ ከም ኣብ ሜዳ ክዕሶ ዘሎ፡ ኣብ ኣንጎሎ ኮይኑ ክዕዘብ፥ ወይውን ከም ”ኣልቢትሮ” ፈራዳይ ኮይኑ ክተርፍ ብመትከል ናይ ህዝባዊ ቃልሲ ቅቡል ኣይኮነን። እዚ በቲ ”በጃኻትኩም ኣድሕኑኒ” እናበለ ”ኡይ” ዝብል ዘሎ ህዝቢ ኣርትራስ ይትረፍ፡ በቲ ብኡ ዝሓምም ወዲ ሃገር ኩሉውን፡ ፍጹም ቅቡል ዘይኮነ ምርጫ እዩ። ዘለናዮ መድረኽ ድማ ኾሽምዚ ዝኣምሰለ መርገጽ ዘፍቕድ ኣይኮነን። ንነብሰኻ ኣብ ከምዚ ዝበለ ቦታ ምቕማጥ ድማ፥ ናይ በልጽ ቦታ ምምራጽ ማለት እዩ። ናይ በለጽ ዋጋ ድማ ኣብ ዋጋ ህዝባዊ ጠቕሚ ዝርከብ ዋጋ እዩ። ብዝተረፈ ኣብ መጻኢ ግዜዉን እንታይ ትገብሩ ነርኩም ዝብል ሕቶ ከጋጥም ምኻኑ ምግንዛብ።

እምበኣርከስ፥ እቲ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ተቓዋማይ ናይዚ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ኢደወነናዊ ስርዓት፡ ዘሎ ምርጫ ሓደ ካብ ክልተ እዩ። ማለት፥ ወይ ተቓዋሚ ኮንካ ንድሕነት ሃገርካን ህዝብኻን ዓቕምኻ ዘፈቕዶ፥ ተጠርኒፍካ ብጉልበት ይኹን ብንዋት እናተበጀኻ፡ ምቕላስ እዩ፥ እሞ ነዚ ኣብ ጸልማት ናይ ጸልማት ኮይኑ ዝሳቐ ዘሎ ህዝብኻ ንምድሓን እጅኻ ምስብሳብ፥ ነዚ ምስ ዘይትገብር ግን፡ ፈቲኻ ጸሊእካ፡ ነቲ ንህዝቢ ኣርትራ ሓዊ ንምልብላብን ንሃገረ ኣርትራ ንምብዳምን ዝዓለመ፥ ብህግደፍ ተኣጉዱ ፈኸም ዝብል ዘሎ ናይ ስቓይ ረመጽ፥ ናብ ባርዕ ወይ ሃልሃልታ ንኽቕየር ዕድል ትኸፍት ከም ዘለኻ ምግንዛብ ከድልየካ እዩ። <u>ተግባራትካ ይኹን መርገጻትካ</u> ድማ፥ ህዝብና ምስ ሃለቐን ሃገርና ምስ ባደመትን፡ ኩሉ እቲ ብናይ ፍርቂ ዘመን ቃልስና ዘረጋገጽናዮ መኽሰባትና ምስ ተኸስረን፡ ”ወይለይ ከምዚ መዓስ መሲልኒ” ብምባል ዘይእረም ጉድለት ኮይኑ ዝምዘነሉ መዓልቲ ከይመጸ ከሎ፡ ኣቐዲምካ ምሕሳብ ዘድልዮ ምኻኑ ብቅልጡፍ ምግዛብ ዝሓትት ጉዳይ እዩ። ብሕጽር ዝበለ ድማ፡ እቲ ምርጫ፡ <u>ንድሕነት ህዝብናዶ (ኣብ ጎድኒ ተቓውሞ ደንበ ኮንና ግዴና ብምብርካት)፡ ወይስ ንጥፍኣት ህዝብና (ንጠቕሚ ህግደፍ ዘገልግል ተግባር ብምግባር ወይ መርገጽ ብምሓዝ) ንስራሕ</u>? መልሱ ብተግባራዊ መዐቀኒና።

**ይችሉል...**